# ስነ ስርዓት ቀብሪ
# ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት
# ብክብ ዝበለ ስነ ስርዓት ተፈጺሙ።



ስነ ስርዓት ቀብሪ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ብሓሙስ ዕለት 07 ጥሪ 2010 ኣብ ስቶክሆልም ዝርከብ መካነ መቓብር Skogskyrokogarden ብክብ ዝበለ ስነ ስርዓት ተፈጺሙ። ልክዕ ሰዓት 11 ቅ.ቐ ጸሎት ፍትሓት ኣብ'ቲ ቀጽሪ'ቲ መካነ መቓብር ዝርከብ ቤት ክርስትያን ጀመረ። ኣዳራሽ ቤት ክርስትያን ነቲ ልዕሊ 1500 ዝኸውን ህዝቢ ምእካል ስኢኑ ብዙሓት ኣብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ቤት ክርስትያን ክጽበዩ ተገደዱ።

ካብ ቤተ ሰቡን መቓልስቱን ፈተውቱን ዝቐረበ ጉንጉን ዕምባባታት በብሓደ ኣብ ዙራያ ናይ'ቲ ብባንዴራ ኤርትራ ተጐልቢቡ ዝነበረ ሬሳ ነፍሴሄር ኢዩብ ብስራት ተነቢሮም ነቲ ኣዳራሽ ኣመዕረግዎ። ከም'ዚ ኢሉ ድማ ሓርበኛ ኢዮብ ብዕምባባታትን ብስድራ ቤቱን ብመቓልስቱን ብኹሎም ፈተውቱን ተኸቢቡ፡ ንኣስታት ሓደ ሰዓት ዝኸውን ጸሎተ ፍትሓት ተኻይደሉ።



ካብ'ዚ ቐጺሉ ዲሲፕሊን ብዝመልኦ ኣገባብ፡ ቅድም ስእሊ ስዉእ ኢዮብን ሰንደቕ ዕላማን ዝሓዙ ናይ ቃልሲ ብጾቱ፡ ቀጺሉ ድማ ናይ ቀረባ ቤተ ሰቡን ፈተውቱን ንክብሩ ኢሎም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ኣፋነውቱን ተዓጂቡ ናብ ናይ መውዳእታ መዕረፊኡ ምስ በጽሐ፡ ቅድሚ ግብኣተ መሬት ብሓው ነጋሽ ዑስማን ካብ ንእሰነቱ ዝጀመረ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ተነበ።

ድሕሪ ሓመድ ድበ፡ ስርሖም ኣሞንጒዮም ዝመጹ ቐባሮ ጽንዓት ይሃብኩም ኢሎም ብቤተ ሰብ ተመስጊኖም ነናብ ስርሖም ኣምርሑ። እቶም መብዛሕትኦም ቀባሮ ድማ ናብ'ቲ ተዳሊዩ ዝነበረ ኣዳራሽ



ከዱ። ኣብቲ ኣዳራሽ ዝጸንሐ እኽለማይ ምስ ለኸፉ፡ መዝሙር ስውኣት ብሓባር ዘመሩ።

ቀጺሉ ብጾቱን ፈተውቱን፡ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ብሞት ካባና ምፍላዩ ዝተሰመዖም ሓዘንን ኣብ ቃልሲ ህዝብን ሃገርን ዝገበሮ ዝነኣድ ኣበርክቶን ብሓበን ብምግላጽ ብግጥምታትን ብጽሑፋትን ስምዒቶም ነቲ ኣዳራሽ መሊኡ ዝነበረ ህዝቢ ኣስምዑ። ካብ'ቲ ዝቐረበ መግለጺታት፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ክርደኦ ዝኽእል፡ ስዉእ ኢዮብ ብስራት ኣብ ቃልሲ ጽኑዕ፡ ምስ ህዝቢ

ዝነብሮ ዝምድና ድማ ኣብ ሓድሕድ ምክብባርን ምትሕልላይን ዝተሞርኮሰ ምንባሩ ኢዩ።

ካብ'ቶም ዝቐረቡ ቃላት ድማ፡-

1. ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዶር. በየነ ኪዳነ ኣባል ፈጻሚ ኣካል። (ምሉእ ትሕዝቶ ቃል ውድብ ድሕሪ'ዚ ጸብጻብ ኣንብብ)
2. ኤርትራዊ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን ብሓው መ.ኑር ከራጊ።
3. ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓው ተስፋይ ወልደሚካኤል።
4. ኤርትራዊ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ብሓው መ. ዑስማን ኢ.ድሪሳይ።
5. ጉጅለ ክንክን ጥዕና ምእንቲ ኤርትራ ብመሓዛ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ወ/ሮ ክሪስቲና ብዮርክ።
6. ሓው ሳልሕ ሰይድ ሓዮቲ።
7. ሓው መሓመድ ብርሃን ብላታ ዓብዱራሕማን።
8. ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም ኣቦ መንበር ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶ ግ.ሃ.ድ.ኤ.
9. ግ.ሃ.ድ.ኤ. ጨንፈር ሽወደን ብሓው ስዒድ ኣደም
10. ሓው ኣርሀ ሓመድናካ
11. ሓው ጃብር ያሲን
12. ብተወሳኺ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ጀርመን ዝተላእከ ቴለግራም ተነቢቡ።
13. ካብ'ቶም ግጥምታት ዘቕረቡ ድማ፡-
    - ሓው ገዛኢ ኪዳነ
    - ወ/ሮ ፍረወይኒ ባይረ
    - ወ/ሮ ለምለም ገብረሚካኤል
    - ሓው ገብረሂወት ወልደሚካኤል
    - ካብ ናይ ዘልዓለም ብጻይ ሓርበኛ ኢዮብ

ስዒቡ ቀባራይ መዝሙር ስዉኣት ብሓባር ድሕሪ ምዝማሩ ብመስርዕ ንስድራ ቤትን ንመሪሕነት ግ.ሃ.ድ.ኤን ጽንዓት ይሃብኩም እናበለ ተፋንዩ።

ቀጺሉ ብዕለት 17 ጥሪ 2010 ኣብ ዝተገብረ ዓሰር ልክዕ ብ'ሽም'ቲ ኣብ ቀብሪ ዝተራእየ ስሩዕ ኣገባብ ተፈጸመ። እቲ መዓልቲ'ቲ ኣብ ስቶክሆልም ዝርከብ ናይ ተዋህዶ ቤት ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ብ'ቕዳሴን ዝኽሪን ጀሚሩ ብክቡር ኣቦና ቀሺ ያሬድ ተስፋማርያም ዝተባረኸ እኽለ ማይ ጥዒሙ ኣብ መአከቢ ኣዳራሽ ብምዉቕ መንፈስ ተፈጸመ።

ኣብ መደምደታ፡ ወ/ሮ ሰማይነሽ ኣስፈሃ በዓልቲ ቤት ሓርበኛ ኢዮብ ንኹሎም ካብ ሕማሙ ጀሚሩ ካስብ ሎሚ ካብ ጐድኒ ስድራ ቤት ከይተፈልዩ ንስድራ ቤት ክጽናንዑን ብኹሉ መገዲ ክትሓጋገዙን ዝጸንሑ ኣሕዋትን ኣሓትን ዓሚቕ ምስጋና ኣቕሪባ።

ሓው ነጋሽ ዑስማን ድማ ብወገኑ ስድራ ቤት ክብርትዑ ከም ዘለዎም ብምዝኽኻርን ነቲ ኩሉ በቶም ተሓባበርቲ ዝተኻየደ ስራሕ ብምንኣድ ንድሕሪ ሕጂ'ውን ነታ ስድራ ቤት ከም'ቲ ጽቡቕ ኤርትራዊ ባህልና ካብ ጐድና ክንፍለ ከም ዘይብልና ተላቢዩ።

ኣብ ሽወደን ዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ፈነወ ቲ.ቪ. (ቲ.ቪ. ኣዳልን ቲ.ቪ. ዘተን) ናይ ዕለት 10/01/2009 ፈነወአን ብምሉኡ፡ መቓልስቱ ብምእንጋድ ሰፊሕ መደብ ብዛዕባ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኢዮብ ብስራት ኣቕሪበን።

ዘላኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉእትና !!